## ክታበት ጸረ ኮቪድ-19 ኣብ ዘባ ቬስትራ ዮታላንድ

እቲ ኣብ ዘባ ቬስትራ ዮታላንድ ዝካየድ ህዝባዊ ክታበት ኣብ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ገጻት ዝተኸፋፈለ እዩ። እቲ ዝወሃብ ክታበት ድማ በቲ ፍጥነት ናይቲ ኣዋህባ ናይቲ ክታበት ዝግለጽ እዩ። ብዛዕባ እቲ ክታበት ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ኣብ 1177.se ከምኡ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ዝምልከተካ ማእከል ጥዕና ኣሎ።

ኩሉ ክታበት ጸረ ኮቪድ-19 ብናጻ ዝወሃብ እዩ። እቲ ማእከል ጥዕና ምስ እዚ ክታበት እዚ ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ንኽትከፍል፡ ቊጽሪ ባንኪ ሕሳብ፡ ወይ ድማ ኮዳት ኣይክሓተካን እዩ።

## ኣብ ክታበት ቀዳምነት ዝወሃቦም ጉጅለታት

እቶም ዝሸምገሉ፡ እቶም ተነቀፍቲ ዝኾኑ ከምኡ ድማ እቶም ገለ ሕማማት ዘሎዉዎም ብቐዳምነት ክኽተቡ እዮም። ካብ ’ዞም ጉጅለታት እዚኣቶም እንተ ደኣ ኴንካ ኣብቲ ዝተመዝገብካሉ ማእከል ጥዕና ወይ ድማ ኣብቲ ዝምልከተካ ፍሉይ መቐበሊ ማእከል ኢኻ ክትክተብ ዘለካ።

ዋላ ’ውን ገለ ገለ ምስ ሕሙማን ናይ ቀረባ ርክብ ዘሎዎም ሰራሕተኛታት ማእከል ጥዕና ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ክኽተቡ ከድልዮም እዩ።

በየናይ መገዲ ወይ ኣገባብ ኢኹም ክትርከቡ ብደረጃ እቲ ኣየናይ ማእከል ጥዕና ወይ ድማ መቐበሊ ማእከል እዩ ዝምልከተኩም ይፈላለ እዩ። ሓበሬታ ኣብ 1177.se ከምኡ ድማ ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ንዓኻ ዝምልከተካ መርበብ ሓበሬታ ኣሎ።

## ሓፈሻዊ ክታበት

ኵሉ ሰብ ክታበት ጸረ ኮቪድ-19 ክወሃቦ እዩ። እቲ ሓፈሻዊ ክታበት ድማ እቶም ብቐዳምነት ክኽተቡ ዝግብኦም ጉጅለታት ምስ ተኸትቡ ክወሃብ እዩ። እቶም ዝሸምገሉ ብቐዳምነት ክኽተቡ እዮም። እቲ ናይ ሓፈሻዊ ክታበት ግዜ ምስ ኣኸለ ድማ፡ ሓደ ሰብ ክታበት ምእንቲ ክረክብ፡ ከምኡ ድማ ቈጸራ ናይ ክታበት ክሕዝ ክደሊ ከሎ ባዕሉ ንኽራኸብ ከመይ ክገብር ከም ዘለዎ ሓበሬታ ክወሃብ እዩ። ቋንቋ ሽወደን ከተንብብ ዘይትኽእል ምስ ትኸውን ከኣ ቈጸራ ናይ ክታበት ብድጅታላዊ ኣገባብ ንምሓዝ ዝኣክል ሓገዝ ናይ ሓደ ነቲ ቋንቋ ዝኽእሎ ሰብ ከድልየካ እዩ። ናብቲ ነቲ ክታበት ዝህብ መቐበሊ ክሊኒክ ’ውን ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

እቲ ክታበት፡ ኣብ ማእከላት ጥዕና፡ ኣብ ሆስፒታላት፡ ከም ተወሳኺ ድማ ኣብ ገለ ውልቃውያን ወሃብቲ ክታበት ክካየድ እዩ። ኣበይ ክትክተብ ከም ትደሊ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ዋላ ኣብ ካልእ ዘባ ’ውን እንተ ኾነ ክትክተብ ትኽእል ኢኻ።

እዋናዊ ሓበሬታ ድማ ኣብ 1177.se ከምኡ ኸኣ ኣብ ናትካ [vårdcentrals webbplats](vårdcentrals webbplats). ክህሉ እዩ።

## ክታበት ክምረጽ ኣይከኣልን እዩ

እዚ ቬስትራ ዮታላንድ ዝብሃል ዘባ ከም ’ተን ኩላተን ካልኦት ዘባታት ብተመሳሳሊ ዝጸደቑ ማለት ተቐባልነት ዘሎዎም ክታበታት ናይ ምርካብ ዕድል ኣሎዎ። ኣየናይ ዓይነት ክታበት ክትክተብ ከም ትደሊ ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ዘተኣማምን ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንምርካብ እቶም ዝበዝሑ ክትባታት ኣብ ናይ ገለ ሰሙናት ፍልልይ ክልተ ዶስ ምውሳድ ከድሊ እዩ።

## ኣገልግሎት ቴለፎን ምስ ኣስተርጓሚ

እዚ ቬስትራ ዮታላንድ ዝብሃል ዘባ ብዛዕባ እዚ ክታበት እዚ ሓበሬታ ዝህብ ናይ ቴለፎን ኣገልግሎት ኣሎዎ። ልክዕ ከምቲ ኣብ 1177.se ዘሎ ሓበሬታ ድማ እዩ። እቲ ኣገልግሎት፡ ብ ዓረብኛ፡ ፐርሺስካ፡ ከምኡ ድማ ብ ሶማልኛ እዩ ዝውሃብ።

ከምዚ ኲይኑ ግን ብዛዕባ ቈጸራ ምሓዝ ወይ ድማ ሕክምናዊ መልሲታት ንምርካብ ዝኣክል ሓገዝ ምሕታት ወይ ምርካብ ኣይክኣልን እዩ።
ቴለፎን: 010-473 94 30. ዝኽፈተሉ ግዜ: 07.00-16.00
ዓረብኛ: 011-473 00 22
ፐርሺስካ: 011-473 00 23
ሶማልኛ: 011-473 00 24

*ዝትርጐሙ ሓረጋት፡*

ብዛዕባ እቲ ገጻት ናይቲ ምክፍፋል ብዝምልከት ድማ ብዝያዳ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ትካል ጥዕና ኣንብቡ።

ሕጂ እምበኣር እቲ ሓፈሻዊ ክታበት ጀሚሩ ኣሎ።